# ውሳነ

Ursula Nafula
Vusi Malindi
Daniel Berhane Habte
2
ትግርኛ ti

ኣብ ዓድና ብዙሕ ጸገማት ኔሩ። ማይ ካብ ሓንቲ ቡምባ ክንቀድሕ ነዊሕ መስርዕ ንገብር ኔርና።

ብኻልኦት ዝተወፈየ መግቢ ንጽበይ ኔርና።

ብምኽንያት ሰረቕቲ ኣባይትና ብኣግኡ ንስግጦ።

ብዙሓት ቆልዑ ካብ ትምህርቲ በኹሮም።

ንኣሽቱ ኣዋልድ ኣብ ካልእ ዓዲ ከደምቲ ኮይነን ሰርሓ።

ንኣሽቱ ኣወዳት ኣብ’ቲ ዓዲ ናብዝን ናብትን ዘወን ክብሉ ይውዕሉ ነበሩ ገሊኦም ድማ ኣብ ናይ ካልኦት ሰባት ሕርሻ ይሰርሑ ነበሩ።

ንፋስ ክነፍስ ከሎ፡ ወረቓቕቲ ጓሓፍ ኣብ ኣግራብን ሓጹራትን ይንጥልጠል።

ሰባት ብሸለልትነት ብዝተደርበዩ ስብርባር ጠራሙዝ ይጥብሑ ነበሩ።

ሸዑ ሓደ መዓልቲ፡ እታ ቡምባ ነቒጻ መትሓዚ ማይ ፊስቶታትና ጥራዩ ተረፈ።

ኣቦይ ካብ ገዛ ናብ ገዛ እናኸደ ኩሎም ሰባት ኣብ ናይ ዓዲ ኣኼባ ንኽሳተፉ ሓተቶም።

ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ሓደ ዓቢ ኦም ተኣኪቡ ክሰምዕ ጀመረ።

ኣቦይ ሓፍ ኢሉ፡ “ጸገማትና ንምፍታሕ ብሓባር ክንሰርሕ ኣለና።” በለ።

ሽሞንተ ዓመት ዝዕድሚኡ ጁማ፡ ኣብ ጉንዲ ናይ’ቲ ገረብ ኮፍ ኢሉ፡ “ኣነ ኣብ ምጽራይ ክሕግዝ እኽእል እየ።” ኢሉ ጨደረ።

ሓንቲ ሰበይቲ፡ “ኣትን ኣንስቲ ንዕነ ሓቢርና እኹሊ ነብቊል።” በለት።

ካልእ ሰብኣይ ሓፍ ኢሉ፡ “ሰብኡት ዒላ ኽንኵዕት ኢና።” በለ።

ኵልና ብሓደ ድምጺ፡ “ህይወትና ኽንቅይር ኣለና።” ክንብል ጨደርና። ካብ’ታ መዓልቲ ኣትሒዝና ጸገማትና ንምፍታሕ ኵልና ብሓባር ሰራሕና።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ውሳነ


Ursula Nafula
Vusi Malindi
Daniel Berhane Habte


CC BY